እዚ ዝጸደቑ ሕግታት፣ ንኹሎም ኣብ ውሽጢ ደረት ከተማ ሲያትል ዝቕመጡ ሰራሕተኛታት፣ ናይ ስደት ኩነታቶም ኮነ ኣሰራሒኦም ዝርከበሉ ቦታ ብዘየገድስ ይሽፍን።

ኣሰራሕቲ ምስዚ ሕግታት ተማእዚዞም ክኸዱ ኣለዎም። መልሰ-ግብሪ (ዓንጽዓንጾ) ዘይሕጋዊ እዩ።

ዝጸደቑ ሕግታት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል 2024

ዕላማ ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ናይ ዕዮ ደረጃታት ብምሁር ማሕበረሰብን ንግዳዊ ተሳትፎን፣ ስትራተጂካዊ ምብርታዕን ፖሊሲ ተባላሓቲ ምዕባለታት፣ ንዓሌታትን ማሕበራዊ ፍትሕን ኣጥቢቕካ ብምዕያይ ክብ ንምባል እዩ።

እዚ ፖስተር ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ክርአ ዝኽእል ቦታ፣ ብቛንቛ ኢንግሊጽን ብሰራሕተኛታት ዝዝረብ ቋንቋታት ክዝርጋሕ እለዎ።

ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ፣ ምትርጓም፣ ምስትርጓምን ንስክንልና ዘለዎ ሰባት ድማ መነባበሪ ሓገዝት ይሁብ እዩ።

ዝተሓተ መሃያ

ንሰራሕተኛታት ዝወሃብ ዝተሓተ መሃያ ርአ

ዓበይቲ ኣሰራሕቲ

(501 ወይ ብዙሓት ሰራሕተኛታት)

$19.97

ንሰዓት

ንኣሽቱ ኣሰራሕቲ

(500 ወይ ውሑዳት ሰራሕተኛታት)

እቲ ኣሰራሒ ንናይ ሓደ ሰራሕተኛ ሕክምናዊ ረብሓታት ተወሓደ ኣብ ሰዓት $2.72 ይኸፍሎ'ዶ ከምኡ'ውን/ወይ ከኣ እቲ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓት ተወሓደ $2.72 ኣብ ሰዓት ይኽፈል'ዶ?

ኣይፋልን	እወ
$19.97 ንሰዓት	$17.25 ንሰዓት

ዓቕሚ ሰብ ኣሰራሒ

ናይ ሰራሕተኛታት ጠቓላላ ቁጽሪ ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ፍቕዶም። ንወከልቲ ንግድታት፣ ኣብ መርበብ ወኪል ንግዲ ዘለዉ ኩሎም ሰራሕተኛታት ቁጸሮም

ናይ ሕክምና ረብሓታት – ውሑዳት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎም ኣሰራሕቲ

እቲ ዝተሓተ ብሰዓት ዝኽፈል መጠን ንምኽፋል፡ ናይ ሓደ ውሑዳት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ኣሰራሒ ክፍሊታት፡ በቲ ናይ ፌደራል ሕጋገ ናይ ተመጣጣኒ ዋጋ ክንክን ጥዕና (Affordable Care Act) መሰረት፡ ናይ ግድን ብደረጃ ብሩር ዝኾነ ወይ ዝለዓለ መደብ ሕክምናዊ ረብሓታት ክኸውን ኣለዎ።

» ውሑዳት ሰራሕተኛታት ዘለዉዎ ኣሰራሒ፡ እቲ ሰራሕተኛ ፍቓደኛ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ንሕክምናዊ ረብሓታት ብቑዕ እንተዘይኮይኑ እቲ ዝተሓተ መጠን ክፍሊት ክኸፍል ኣይኽእልን።

ክፍሊት ዘለዎ ሕማምን ውሑስ ግዜን

ንሕክምናዊ ወይ ድማ ውሕስነት ጉዳያት ክፍሊት ዘለዎ ዕረፍታት ሕተት

ኣሰራሕቲ ንሰራሕተኛታት ንነብሶም ወይ ድማ ንኣባላት ስድራቤቶም ምእንቲ ክከናኸኑ፣ ክፍሊት ዘለዎ ዕረፍታት ክህብዎም ኣለዎም።

(ውላድ፣ ወላዲ፣ መጻምዲ፣ እተመዝገበ ኣብ ቤትካ ዘሎ ማናብርቲ፣ ኣቦ/እኖሓጎ፣ ደቅ-ደቂ፣ ኣሕዋት)

ግዜ ሕማም፣ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ኩነታት ጥዕና፣ ሕክምናዊ ቆጸራታት ዘጠቓልል

ውሑስ ግዜ፣ ምስ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝተኣሳሰሩ ምኽንያታት፣ ጾታዊ መጥቃዕቲ፣ ምጽንታው ወይ ድማ ናይ እኩብ ሰብ ጥዕናዊ ጸገማት*

ናይ ሕማም ዝኽፍልን ውሑስ ግዜ (PSST) መጠን

	እኩብ 1	እኩብ 2	እኩብ 3
ዓቕሚ ሰብ ኣሰራሒ ናይ ምሉእ-ግዜ ዝመዓራረ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰራሕተኛታት (FTES)	ክሳዕ 49 FTEs	50 – 249 FTEs	250+ FTEs
እኩብ ዝኽፈል ገንዘብ ናይ PSST ኣብ ሰሙን ኣብ ሰዓታት እተሰርሐ	1 ሰዓት ን40 ሰዓታት	1 ሰዓት ን40 ሰዓታት	1 ሰዓት ን30 ሰዓታት
ዘይተጠቀምካሉ PSST ኣመሓላልፎ ኣብ ዓመት	40 ሰዓታት	56 ሰዓታት	72 ሰዓታት**

*ውሕስነት ግዜ ንክንክን ንኣባል ገዛ'ውን ክጠቕም ይኽእል እዩ

**ብመሰረት ፖሊሲ ካብ ግዜ ወጻኢ ክፍሊት (PTO) ንእኩብ 3 ሰራሕተኛታት 108 ሰዓታት

ርትዓዊ ዕድላት ኣስራሕ

ናይ ክስን ማእሰርቲ ምዝገባ ዘለዎም ምጥቃም ደረት ግበረሉ

እተኸልከለ፣

- ክስን ናይ ማእሰርቲ ምዝገባ ዘለዎም ኣመለከትቲ ዘወግድ ናይ ስራሕ መወዓውዒ
- እቲ ኣሰራሒ ነቲ ዛመልካታይ ብዝተሓተ ረቛሒታት ኣሕሊፍዎ እንተዘይኮይኑ፣ ብዛዕባ ክሲ ወይ ድማ መዝገብ ናይ ማእሰርቲ ሕቶታት ዘለዎ ናይ ስራሕ መመልከቲ ክህሉ
- ናይ ማእሰርቲ መዝገብ ዘለዎም ጥራይ ብምኧኖም ናይ ስራሕ ኣፍደገ ክንፈጎም (ወይ ድማ ካልእ ሃሳዪ ናይ ስራሕ ተግባራት)

ገለ ብዘይካውነት ክትግበር ይከኣል እዩ፣ ትሕቲ 16 ዓመት ንዝኾኑ ቆሎኡ ብዘይ ኣላይነት ስራሕ ምርካብ፣ ምስ ናይ ምዕባለኣዊ ስንክልናታት ዘለዎም ሰባት ወይ ድማ እተቓልው እኹላት ሰባት

ሰራሕተኛታት ክጉብርዎ ዝግብኦም ነገራት፣

ንኣመልከትቲ በቲ ዝተሓተ ረቛሒታት ክሳዕ እተሕልፎም፣ መርመራታት ገበናዊ ድሕረ ባይታታት ኣደናጉዮ

ኣብ ገበናዊ ድሕረባይታ መርመራ ተመርኲስካ ጥራይ ሃሳዪ ዝኽዕነ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድካ፣ መምርሒታት ተኸተል፣

» ናይ ገበናዊ ድሕረባይታ መርመራ ሓበሬታ ንኽትገልጸሎም ወይ ድማ ንክትእርሞ ዕድል ፍጠረሎም

» ነታ ናይ ስራሕ ጽፍሒ ተወሓደ ንክልተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፍትቲ ሕደጋ

» ንሓደ ሰብ ከም ሰራሕተኛ ምስ እትቖጽሮ'ሞ ኣብ ልዕሊ እቲ ስራሕ ሃሰያ ከምጽእ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ዓቕሚ ስራሕ ክጸሉ ይኽእል'ዩ ዝብል ሕጋዊ ዝኾነ ናይ ስራሕ ምኽንያታት ክህልወካ ኣለዎ

ስርቂ መሃያ

ኣንጻር ስርቂ መሃያ ናይ ምጥባቕ ደገፍ ይህብ

ሰራሕተኛታት ብወግዓዊ ክፍሊት ዝእወድ ካሕሳታት ክኽፍሉ ኣለዎም ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታት ብዛዕባ ስርሖምን ክፍሊቶምን ጽሒፋዊ ሓበሬታ ክህቦም ኣለዎ።

ጽሑፋዊ ሓበሬታ ነዚ ዝስዕብ ክማልእ ኣለዎ፣

- ናይ ሰራሕተኛ ስምን ዝርከበሉ ሓበሬታን
- ናይ ሰራሕተኛታት ደረጃ ክፍሊት፣ ሕላፍ ሰዓት ንኽትከፈል ብቕዓት ምህላው፣ ናይ ክፍሊት ኣገባብ (ሰዓት፣ እብረ፣ መዓልቲ፣ ሰሙን፣ ኮሚሽን)፣ ከምኡ'ውን ወግዓዊ ናይ ክፍሊት መዓልቲ።
- መግለጺ ኣስራሒ ፖሊሲ ምቕሻሽ
- ብንረታዊ መግለጺ ናይ ክፍሊት ሓበሬታ ኣብ መዓልታዊ ክፍሊት

ኣብነታት ረቛሒታት ክፍሊት፣

- ዝተሓተ መሃያ ክፍሊት
- ክፍሊት ልዕለ-ሰዓት
- ክፍሊት ናይ ዕረፍቲ መዓልታት
- ቃል ዝተኣትወሉ መጠን ክፍሊት
- ክፍሊት ካብ ሰዓት ወጻኢ ዝግበር ስራሕ
- ክፍሊት ሞቕሸሽ
- ናይ ኣግልግሎት ክፍሊት ዋጋ (ኣብ ቅብሊት ወይ ድማ መርኣዩ ዝርዝር ናይ ኣስራሒ ኣገልግሎታት ዓሚል እንተዘይተጠቒሱ)
- ናይ ኣስራሒ ወጻኢታት ምኽሓስ
- ዘይግቡእ ምፍልላይ ናይ ሰራሕተኛታት ዘይብሉ

ናይ መጉዓዝያ ጥቕሚታት

20 ወይ ዝያዳ ሰራሕተኛታት ዘለዉዎም ኣስራሕቲ፡ ኣብ ሰሙን ብማእከላይ ዓሰርተ ሰዓታት ወይ ዝያዳ ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት፡ ናይ ትራንዚት ወይ ቫንፑል ወጻኢታት ክሳብ እቲ ብናይ ፌደራል ሕጊ ቀረጽ ዝተፈቐደ ዝለዓለ ደረት ካብ ናይቲ ሰራሕተኛ ቀረጽ ዝኽፈሎ ደሞዝ ክንከይ ዘኽእል ዕድል ክህቡ ኣለዎም። ነዚ ረቛሒ ንምምላእ፡ ኣስራሕቲ ብኸፊል ወይ ብሙሉእ ዝተመወለ ናይ ትራንዚት ይሕለፍ ክህቡ ይኽእሉ እዮም። ኣስራሕቲ እቲ ሰራሕተኛ ስራሕ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ኣትሒዞም ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ዓውደ-ኣዋርሕ እዚ ረብሓ ክህቡ ኣለዎም።

መወከሲ

ሰራሕተኛታት

ምስ OLS መረረ ኣቕርብ ወይ ኣብ ቤት ፍርዲ ክሲ መስርት

ኣስራሕቲ

ናይ መረረ መደገፊታት ኣምጽእ ከምኡ'ውን/ወይ ስልጠና ተቐበል

206-256-5297

www.seattle.gov/laborstandards

810 THIRD AVE, SUITE 375
SEATTLE, WA 98104

LABORSTANDARDS@SEATTLE.GOV

® ALLIED PRINTING TRADES UNION LABEL COUNCIL WASH. - OREGON 3